ኣብ ብርሃን ኮይኑ: ጸልማት ፈጢሩ ዝሕባእ :
ድርብ ዝተንኮሉ ተጻባኢ:
ካብ ዓይኒ ንስሪ ከምልጥ: ተኽእሎ የብሉን!!!

2ይ ክፋል

* ኣብ 2ይ ክፋል ጽሑፈይ: በዞም ዝስዕቡ ዛዕባታት የራኽበና ኢለ ነይረ:->>>
* ዑሉል ኣባል ስለያ ወያነ በየነ ገረዝጊሄር መን ኢዩ?
* ሃይለ ኣፈወርቅን: ውሽጣዊ ሕማማቱን ጭንቀቱን: ናይ ምድንጋር ባህርያቱን ተሳትፎኡን:-
* ቀንዲ ኣካያዲ ዘይሕጋዊ ፍልሰት ዝኾነ: ጸገዘኣብ ገብረዮውሃንስ ነጋሽ ዕላማታቱን:-
* መጸዋዕታ ናይ ሓሙስ ዕለት 27-04-2017 ምኽንያት መኽልከሊኡን ሳዕቤናቱን:-
* ነቶም ኣብ ዘይሕጋዊ ሰላማዊ ሰልፊ ዝተሳተፉ ሰባት ዝተዋህቦም ብይን መቕጻዕቲ ገንዘብን:
*ዕላማ መጸዋዕታ ክብሮም ዳፍላ ዕለት 7 ግምቦት 2017 ሳዕቤናቱን ካልእን:->>>>>>>>>>>>>>>

2ይ ክፋል:-

ድሕሪ'ቲ ናይ መጀመርያ መጸዋዕታ ንዓመጻዊ ሰልፊን: ዘይተጨበጠ ክስታት ናብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ነዘርላንድ: ክብሮም ዳፍላን ሰዓብቱን ሊንክ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=1FZcQqjYGBQ ዝቐጸለ መስርሕ ከመይ ነበረ? ብዝርዝር ክግለጽ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ::

ዓመጸኛታት: እቲ ብመንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ናይ ባህልን ታሪኽን: ናይ ምልውዋጥ ኣስተምህሮ ዘካይድሉ ዋዕላ: ኣበይ ከም ዝካየድ? ብዘይ ምፍላጦም ይርበጹ ስለ ዝነበሩ: ኣድራሻ ብዘይምፍላጦም ብዝፈጠረሎም ተርባጽ 'ውን: መልእኽቶም ናብ'ታ ንረብሓ እትዋቃ ከተኻዕብት ክትብል: ድኳን ብጉዳይ ኤርትራ ከፊታ ዘላ: ጎድ ማዘር ተቛወምቲ ዝኾነት ፕሮፈሰር ሚርያም ቫን ራይዘን: ናይ ርድእና መልእኽቲ ከሕልፉ ግዜ ኣይወሰደሎምን::

ጎድ ማዘር ሚርያም ቫን ራይዘን ከንቲባ ጃክ ሚከርስ



ጎድ ማዘር ፕሮፈሰር ሚርያም ቫን ራይዘን: ነቲ ኣብ ቲልብሩክ ዩኒቨርስቲ ዝቐሰመቶ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ጉልባብ ተጠቒማ: ነቲ ሆላንዳዊ ዜግነታ ዝሃባ ቛንቛ ምልከት ተሓጊዛ: ናብ ብዙሓት ዋዕላ መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን ከካይድሉ ይኽእሉ ኢዮም ኢላ ዝጠርጠረተን ምምሕዳር ከተማታት: ዋዕላ ዝካየደሉ ቦታ ንኽትፈልጥ ብዙሕ ኢያ ላዕልን ታሕትን ኢላ:: ከም



ውጺኢቱ ኸኣ: ዋዕላ መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ኣበይ ከም ዝካየድ: ካብ ከንቲባ ምምሕዳር ቪልድሆቨን: ከንቲባ ጃክ ሚከርስ (Jack Mikkers):- ብመንገዲ ጉልባብ ጋዜጤኛነት ሰዓት:- 01:25 ዕለት:- 13-04-2017: ንጋዜጣ ዳች ኒውስ (Dutch-News): ንጋዜጣ ፕሉስ (Pulse) መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ: ጎድ ማዘር ሚርያም ቫን ራይዘን: ንከንቲባ ምምሕዳር ቪልድሆቨን ጃክ ሚከርስ (Jack Mikkers):- ለይቲ ምድሪ ደዊላ ድሕሪ ምርግጋጻ: ሊንክ ተመልከት
http://www.dutchnews.nl/news/archives/2017/04/eritrean-political-meeting-in-the-netherlands-is-provocation-experts-say/
http://pulse.ng/world/the-netherlands-dutch-govt-concerned-at-visit-of-top-eritrean-official-id6516296.html

ጎድ ማዘር ሚርያም ቫን ራይዘን: ንመራሕ ጉጅለ ናዕበኛታት ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ (ያቆብ ኪሮስ): ዋዕላ መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ኣብ ከተማ ቪልድሆቨን

ከም ዝካየድን፡ ኣድራሻን ቦታን ናይ'ቲ ሆቴል ድሕሪ ምሕባራ፡ ነቲ ዘይሕጋዊ ጎነጻዊ ሰልፊ ከካይዱ ሕጊ ከም ዘፍቅደሎም፡ ኣሸበሸብ ከኣ መቕጻዕቲ ዝመጽእ እንተኾይኑ፡ ነቶም ኣካየድቲ ኣብ ዝምልከት፡ ብወገና ክትከፍሎ ምኻና ብምንጻር፡ ንጽባሒቱ ብዝተኻእለ መጠን፡ እቲ ናዕቢ ክካየድ ከምዘለዎ ኢያ ንጹር መምርሒ ሂባ።

ምክትል ሚኒስተር ክብሮም ዳፍላ ሃይለ ኣፈወርቂ



ብመሰረት መምርሒ ጎድ ማዘር ሚርያም ቫን ራይዘን ከኣ፡ እቲ ንነብሱ ብሓሶት ኣብ ጋዜጣታት ነዘርላንድ፡ ንነብሱ ከም ምክትል ሚኒስተር ሚኒስትሪ ፋይናንስ ገይሩ ገሊጹ ዘሎ ክብሮም ዳፍላ ሕዝባይ፡ ፍሉይ መጸዋዕታ ኢዩ ኣካይዱ። ከም ውጽኢት ከኣ፡ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ዝተኸፋፈሉ ኣሳለጥቲ ኢዮም ተመዲቦም። ገረዝጊሄር ካብ ኣምስፎርት፡ በየነ ገረዝጊሄር ካብ ቪልድሆቨን ከባቢኡን፡ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ) ያቀብ ኪሮስ ሮተርዳምን ከባቢኣን፡ ሃይለ ኣፈወርቂ ካብ ኣምስተርዳምን ከባቢኡን፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ ስም ናይ ጎድ ማዘር ፕሮፈሰር ሚርያም ቫን ራይዘን ከይቅላዕ፡ ነቲ ናይ ምውዳብን ምንቅስቓስን ሓላፍነት ጉልባብ፡ ሃይለ ኣፈወርቂ ኢዩ ተሰኪምዎ። ሃይለ ኣፈወርቂ ኣብ ኣምስተርዳም ዝቕመጥ ኮይኑ፡ መምህር ቛንቛ ትግርኛ ንህጻናት ዝምህር ዝነበረ ኢዩ። ቻይናዊት በዓልቲ ቤት ዘላቶ ሃይለ ኣፈወርቂ፡ ቅድሚ ናብ'ዚ ናይ ናዕብን ጎነጽን ጉጅለ ምእታው፡ ኣብ ህይወቱ ንዘጋጠሞ ዘይዕግበት ናብራ፡ ብስድራ ቤቱ ዝግበረሉ ዝነበረ ጸቕጥን ተደሚርዎ፡ እታ ሓንቲ ከም መዋጽኦ ካብ'ዚ ኹሉ ድኽመታቱ ዝወሰዳ ምርጫ፡ ንስሙ ከም ተቓዋማይ ብምስያም፡ ኣብ ደንበ ናዕበኛታት ክብሪ መዝገብ ስሙ ምምዝጋብ ኢዩ ነይሩ። እዚ ማለት ከኣ:- ብስድራ ቤቱ፡ ንምንታይ ናብ ዓዲ ዘይትመጽእ ንዝብል ሕቶን፡ ሓገዝካ ዘይተወፍየልና፡ ስድራኻ እንዲና ንዝብል ሕቶ፡ መሕብኢ ገይሩ ዝወሰዳ ሓንቲ ናይ ድኹማት መሽጎራጉር እንተነይራ፡ ካብ ጎኒ መንግስቱን ህዝቡን ምሕካል ኢያ። ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ነቲ ናይ ስድራ ቤቱ ሕቶ፡ ኣንጻር መንግስቲ ስለ ዝኾንኩ፡ ገንዘብ ክሕውል ኣይክእልን ኢየ። ናብ ዓዲ ክኣቱ ኣይክእልን ኢየ ብዝብል ምስምስ፡ ከምዛ ዋዛ ዝጀመራ ምሕካል ዝመቀረቶ ሃይለ ኣፈወርቂ፡ ምስ ስድራ ቤቱ ዘለዎ ርክብ ዝበተኸ። ሃይለ ኣፈወርቂ ዝፈጠረሉ ጭንቀትን ሰለሎን፡ ሎሚ ግዙእ መስተ ኮይኑ፡ መዓልታዊ ምእላይ ነብሱ ዘጽግሞ ዘሎ ጥራይ ኢዩ ዘይኮነ፡ ነታ ናይ ናዕቢ መዓልቲ ምስ ነብሱ ኮይኑ ዝበጽሐ 'ውን፡ ሳጥናኤል ካብ ርእሱ ገይሸሉ ዊዒሉ ኢዩ ዘብል።

ጸገዝኣብ ገብረዮውሃንስ ነጋሽ


ነቶም ኣብ ከባቢ ቪልድሆቨንን ከባቢኣን ንምትእኽካብን ምውዳብን ኣብ ምስራሕ ቀንዲ ተሓባባራይ ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ እንከሎ ኣብ ክፍሊ ምምሕዳር ዝሰርሕ ዝነበረ፡ ጸገዝኣብ ገብረዮውሃንስ ነጋሽ ዝብሃል፡ መስሓል ወደ-ከለ ዝዓዱ፡ ኣብ ደንሃኽ ሆላንድስፖር ዝቕመጥ፡ ኣብ ደንሃኽ ብስም ኣውራጃ ኣከለ-ጉዛይ ኣኼባ ብምክያድ፡ ዓለም ነቕ ንዘየበለቶ መንግስቲ ኤርትራ ንምውዳቕ፡ ብመልክዕ ኣውራጃ ክንውደብ ኣለና ኢሉ ሓደ ምትእኽካብ ክፈጥር ዝመደበ ኢዩ ጸገዝኣብ ገብረዮውሃንስ ነጋሽ። ጸገዝኣብ ገብረዮውሃንስ ነጋሽ፡ ጌና ኣብ ኤርትራ እንከሎ፡ ኣብ ምስግጋር ፍልሰት ሰባት ዝነጥፍ ዝነበረ፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ምስ ተደልየ ካብ ኤርትራ ኣምሊጡ ዝወጸ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን 'ውን ጌና ነቲ ዘይሕጋዊ ናይ ምስግጋርን፡ ፍልሰት መሸጣ ደቂ ኣዳም ዘካይድ ዘሎ ሰብ ኢዩ። ንሱ ኢዩ ኸኣ ተለፎናት ናይቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝቕመጡ ንበየነ ገረዝጊሄር ዘቐበሎ።

በየነ ገረዝጊሄር


በየነ ገረዝጊሄር፡ ሓደ ካብቶም ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ምስ እትየ ኣስገደት ተስፋዮውሃንስ ብምኳን፡ ጃንዳ ወያነ ዘለዎ ወትሃደራዊ ሓይሊ ኣኻኺቡ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ክካይድ ብማለት፡ ክታማት ፔትሽን ተፈሪሙ ንመንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ክወሃብ ተባሂሉ ንዝካየደሉ ዘሎ ጎስጓሳት ካብ ዘካይዱን፡ ዝመርሑን ዘለዉ ሓደ ኮይኑ፡ ወግዓዊ ኣባል ስለያ ወያነ ኢዩ። በየነ

*ገረዝጊሄር ድሕሪ'ቲ ኣብ ሆላንድ ዝተኻየደ ናይ ዓመጽ ጎነጻዊ ሰልፊ ምክያዱ ኸኣ: በየነ ገረዝጊሄር ኣብ በልጅም ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ: ብዘይሕንከት ኣብ ልዕሊ ቤተ ክርስትያናት ኤርትራ: ብፍላይ ከኣ ቅድስቲ ደብረ ክህነት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ-ምህረት ሮተርዳም: ብርስሓት ከም ዝተጎብአት ያኢ! ኣብ ምጽራያ ኢና ዘለና! ነዛ ቤተ ክስርትያን እዚኣ ነጻ ከነውጽእ ዘይምኽኣልና 'ውን: ንባዕሉ ሕመቕና ኢዩ ድሕሪ ምባል: ቤተ ክህነትን ኣቐሽሽትን: ካብ ህዝቢ ዝእክብዎ ዕሽር ገንዘብ: እቲ 15% ናብ መንግስቲ ኤርትራ ኣታዊ ኢዮም ዝገብሩዎ ዘለዉ ክብል እንክሎ: እታ ብስም ሩት ሃብተማርያም ዝጸሓፈት ኣድያም ካሕሳይ ሰሎሞን 'ውን: ሎሚ እቲ ቤተ ክርስትያን ነጻ ስለ ዝገበርናዮ: ሰብና ብሰላም ክሳለሙ ኪኢሎም ኣለዉ ክትብል ኢያ ገሊጻ:: ኣባል ስለያ ወያነ ዝኾነ በየነ ገረዝጊሄር: ብፍጹም ብነጻነት ኤርትራ ዘይኣምንን: ኤርትራ ጌና ናብ ኢትዮጵያ ክትለሓቕ ካብ ዝጽዕሩን: ሰውራ ኤርትራ: ብፍላይ ከኣ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ሰውራ ሽፍትነት ኢዩ ነይሩ ብማለት: ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝብልሉ ዘለዉ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን: ሓደ "መጻኢ ብሩህ ኤርትራ" ዝብሃል ምንቅስቓስ ብምፍጣር: ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ ዝጎሳጉሱ ዘለዉ ሉኡኻት ወያነ ሓደ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ካብቶም ጉሉሓት ዝኾኑ ሰባት ኢዩ:: መግለጺ በየነ ገረዝጊሄር ኣብ በልጁም ቪድዮ ሊንክ ተመልከት:-*

https://www.youtube.com/watch?v=3CmZ_cbX-ms

*ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብ*



*ኩነታት ብኸም'ዚ እንዳቐጸለ እንከሎ: ማዕከናት ዜና ሆላንድ ብዘጋወሐኦ ነውጺ ሓሶትን: ጎድ ማዘር ፕሮፌሰር ሚርያም ቫን ራይዘን: ኪኢላ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ: ከም'ዚ በለት: ከም'ዚ ደገመት ተባሂሉ: ኣብ ገለ ኣባላት ፓርላማ ነዘርላንድ ዝፈጠሮ ጸቕጢ መሰረት: መንግስቲ ነዘርላንድ ሓደ ወግዓዊ መግለጺ ኢዩ ኣውጺኡ:: "ሓደ የማነ ገብረኣብ ዝተባህለ ፖለቲካዊ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ዝኾነ: ላዕለዋይ በዓል ስልጣን: ናብ ሆላንድ ኣትዩ ኣሎ:: እንተኾነ ግን ዝኾነ ወግዓዊ ርክብ ምስ መንግስታዊ ትካላት: ላዕለዎት ይኹኑ ታሕተዎት ናይ ምርኻብ መደብ የብሉን:: ክሳብ ብወግዓዊ ሕጋዊ ቪዛ ሸንገይ ዝመጸ ኸኣ: ኣቶ የማነ ገብረኣብ ናብ ሆላንድ ክኣቱ ሕጋዊ መሰል ኣለዎ:: ኣብ ርእሲኡ ኸኣ: ዝኾነ ጸቓጢ ስጉምቲ ክንወስድ ሓላፍነት የብልናን::" በለት:: ቀደሙኸ ኣቶ የማነ ገብረኣብ: ክራኸበኩም! ኢሉ ንሰበ-ስልጣን ነዘርላንድ መዓስከ ሓቲትዎም? ብዝኾነ ወግዓዊ መግለጺ መንግስቲ ነዘርላንድ ሊንክ ተመልከት:-*

[https://www.government.nl/latest/news/2017/04/13/government-statement-on-yemane-gebreabs-visit-to-the-netherlands](https://www.government.nl/latest/news/2017/04/13/government-statement-on-yemane-gebreabs-visit-to-the-netherlands)

*መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝመጹ: ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣምስተርዳም ናብ ዝተመደበሎም ናይ ዋዕላ ቦታ ተጓዒዞም በበቶኦም ኣብ ዝሕዝሉ ዝነበሩ እዋን: ክብሮም ዳፍላ: ሎሚ ነዚ ዋዕላ ንኸይካየድ ምኽንያት ክኸውን ዝኽእል: ናትና ምንቅስቓስ ኣብ ቪልድሆቨን እንተዘይገይርና: ክንዕወት ስለ ዘይንኽእል: በጃኹም! በጃኹም! ብዝሒ ብዘየገድስ ናብ'ቲ ቦታ ክትመጹ ኣለኩም ክብል: ነጋሪት ጥፍኣት ኣወጀ::*

*እግሪ እግሪ እቲ ዓመጻዊ ጎነጻዊ ሰልፊ: ክሳብ ክንቀትለኩም ኢና ኢልካ: ንሕግን ስርዓትን ነዘርላንድ ብምጥሓስ: ሰባት ምህራምን: ናብ ምቕታል ዝደናደን ስጉምቲ ክትወስድ ምፍታን ከኣ ተራእየ:: ሓንቲ ካብቶም ታሪኽ ኣቦታታን: ታሪኽ ህዝባን ሃገራን ክትመሃር: ባህሊ ሃገራ ከተስተማቕር ካብ ፈረንሳ ናብ ሆላንድ ዝመጸት: ለይለይ ዋርሳይ መንእሰይ ራሄል ሓድሽ ከኣ: ኣደዳ ማህረምትን ምክልባትን ኮይና ሊንክ ተመልከት:-*

[https://www.youtube.com/watch?v=gMN5eWpUSmk](https://www.youtube.com/watch?v=gMN5eWpUSmk)

ዕጫ ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ ያቆብ ኪሮስ





ዝቐጸለ መስርሕ ንናይ ሕጊ ተሓታትነት ጉጅለ ጎነጻዊ ናዕቢ ናብ ቐይዲ ክኣትዉ ስለ ዝነበሮም: ኣብ መጀመርያ እዋን: ንወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ (ያቆብ ኪሮስ) ዘካተተ: 14 ሰባት ዝሓቖፈ ብፍሉይ ኣገባብ: መጀመርያ ንነፍስ-ወከፎም ከክልተ ፖሊስ ተመዲብሎም: ንበይኖም ተፈልዮም ብትእዛዝ ፖሊስ ኣብ መሬት በጥ ክም ዝብሉ: እቶም ዝሓንገዱ ኸኣ ብሓይሊ ክም ዝድበሩ ብምግባር: ብሰንሰለት (ፌሮ) ተቐርፊዶም:: ኣይጸንሑን ከኣ: እቶም ዝተረፉ ኣብ 3 ዓበይቲ ኣውቶቡሳት: ስለ ዝበዝሑ ዘይኮነ: ክም ፍሉያት ናዕበኛታትን: ንጸጥታ ሓደገኛ ዝኾኑ ሰባት ምዃኖም ብምእማን: ንሓለዋ ብዝጥዕም መንገዲ: ኣብተን ኣውቶቡሳት ተጻዒኖም ናብ ቤት ማእሰርቲ ክም ዝቕየዱ ኢዩ ተገይሩ:: ናዕበኛታት ተቐዪዶም እንዳኸዱ እንክለዉ ዘርኢ ሊንክ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=NALn7O2JAy0

ብፖሊስ ነዘርላንድ:- ነቶም ናይ ዓመጽ ሰልፍ ዘካየዱ ዝተዋህበ ብጫ ወረቐት:-

እትየ ኣስገደት ተስፋዮውሃንስ






እቶም ናብ መደበር ፖሊስ ተቐርፊዶም ዝመጹ ናዕበኛታት: ብፖሊስ ሆላንድ ግቡእ መርመራ ተኻይዱሎም ቃሎም ምስ ተሰምዐ ኸኣ: ነፍስ-ወከፎም ንሪከርድ ክኸውን ብማለት: መጀመርያ ብየማን ሸነኽ: ደሓር ብጸጋም ሸነኽ: ኣብ መወዳእታ ኸኣ ፊት-ንፊት ብዘመናዊ ካሜራ: ናይ ጸሊም ክብሪ መዝገብ ስእሊ ድሕሪ ምስኣሎም: ሓንቲ ካብተን ኣብ ሽምግልነተን ብናይ ጸሊም ክብሪ መዝገብ ስእለን ዝተላዕለ: ናይ ወያነ ላዕለወይቲ ናይ ስለያ ወኪል ኣብ ጉዳይ ኤርትራ: እትየ ማማ ኣስገደት ተስፋዮውሃንስ ካብቶም ናዕበኛታት ኢየን:: ንመረዳእታ ክኾነና: ነቶም ፖሊስ ነዘርላንድ ካብ ቦታ ሰሚናር ብሰንሰለት ቐርፊዱ ዝወሰዶም ኣብ ዘይሕጋዊ ሰልፊ ዝተሳተፉ ናዕበኛታት: ኣብ'ቲ ዝቐየድሉ ዕለት 13-04-2017: ንፍሉይ መርመራን መዝገብን ኢሉ ምስ ሓዞም: ኣብ እዋኑ ኣብ ኢዶም ናይ ዘረከቦም ናይ ሕጊ ተጸዋዕነት: ሕጊ ክኸሶም ብማለት ኣብ ኢዶም ናይ ዝሃቦም ብጫ ወረቐት ቅዳሕ: ናይ ገለ ካብቶም ተሳተፍቲ ናዕቢ ዝረኸብክዎ ቅዳሕ: ንድሕነቶም ክብል ኣስማቶም ሰሪዘ: ክም ጭቡጥ ናይ ሰነድ ኣብነት ኣቕሪበዮ ኣለኹ::

ፖሊስ ነዘርላንድ ናብቶም ኣብ ዕለት 13-04-2017 ዘይሕጋዊ ጎነጻዊ ናይ ዓመጽ ሰልፊ ዘካየዱ ሰባት: ክም'ቲ ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ (ያቆብ ኪሮስ) ኣብ መግለጺኡ: ነቶም ፖሊስ ነዘርላንድ ዝመዝገበና እሞ: ብጫ ወረቐት ዝሃበና: ክንደይ ምዃኑ ክንፈልጥ ኣይንኽእልን: እንተኾነ ግን: ኣኣብ መንበሪ ገዛና ወረቐት ናይ መቕጻዕቲ ክለኣኸልና ኢዩ ዝበሎ: ሊንክ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=6-A-2udGec8

መዓልታ ኣኺላ ኸኣ ነቶም ኩሎም ብጫ ወረቐት ዝተዋህቦም 128 ሰባት: ተደራቢ መጸዋዕታ ቀሪብሎም:: ክም ሳዕቤን ናይ'ዚ መጸዋዕታ እዚ ከኣ: እታ ቐዳመይቲ መጸዋዕታ: ናብ ቀንዲ ኣካየድቲ ዓመጻውን ጎነጻውን ሰልፊ ዝነበሩ: ክብሮም ዳፍላን: ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ) ኢዩ: ብዕለት 19-04-2017 ናብ መንበሪ ቤቶም በጺሕዎም::

መጸዋዕታ ዝበጽሖም ክብሮም ዳፍላን: ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ): እታ ተቐላጢፎም ክገብሩዋ ዝሓሰቡ ነገር እንተሃልያ: ናብ'ታ ክም ጎድ ማዘር ዝፈለጥዋ ፕሮፌሰር ሚርያም ፋን ራይዘን ምግያይ ኢዩ ነይሩ:: ክም ሳዕቤን ምኽራ ኸኣ: ነቲ ናብ ነብሶም: ብፍላይ ናብቶም መራሕቲ ዓመጽ ክመጾም ዝኽእል መቕጻዕቲ ክትከፍለሎም ምዃና ብዝኣተወቶ

ምክትል ሚኒስተር ክብሮም ዳፍላ　　　　　ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ)






ስምምዕ 'ኳ ልቦም እንተኣቕሰነቶም: ነቶም ብግርህና ናብ'ቲ ናይ ዓመጽን ጎነጽን ዘይሕጋዊ ሰልፊ ዝተሳተፉ ገርህኛታት: ኣብ'ቲ ዝቕጽል ናይ ናዕቢ ዘይሕጋዊ ተግባራቶም ዘሳንዮዎም መንእሰያት ከይስእኑ ምእንቲ: ሓደ ናይ ምትላል መደብ ከተግብሩ ኢዮም መዲቦም:: እቲ መደብ ከኣ: ሓደ ኣኼባ ጸዊዕካ ነቶም መንእሰያት ምድንጋር:: ቅድሚ እዚ መደብ እዚ: ኣብ'ቲ ናይ ውድድር መን ዝለዓለ ተሰየመ: መን ሽሙ ኣበረኸ ዝብል ዝተኻየደ ውድድር ናይ ማሕበራዊ መድያ: ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ): ኣቐዲሙ ነቲ ናይ ማራቶን ስያመ ውድድር: በዚ ዝስዕብ መደረ ኢዩ ተቐዳዲሙ:- "መቕጻዕቲ ክመጻና ኢዩ ተዳለዉ:: ንመንእሰያት ህግደፍ ከኣ: ሕርሕራይ ገይርና ዘቢጥናዮም! ሃሪምናዮም! ክርትምትም ኣቢልናዮም!" ክብል ናይ ዝገለጸ ቅድመ ክሲ መርመራ: ናይ ዝሃቦ ቃል ተኣማንነት: ብሕጊ ተኸሲሶም ከቕጽዖም ዝኽእል መንገዲ ብምኽፋቱ: ናብ ዲቕ ዝበለ ግርጭት ዝኣተወ ክብሮም ዳፍላ: ብሓድሽ መግለጺ ኢዩ ተኪእዎ:: ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ) ዝሃቦ መግለጺ ሊንክ: ኣብ'ዚ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=6-A-2udGec8

በቲ መግለጺ ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ) ቶግ ኢሉ ፈጋቶኡ ዝተተኮሰቶ ክብሮም ዳፍላ: ናብ ፓል ከይተረፈ ቀሪቡ: ሃለዋቱ ክሳብ ዘጥፍእ ወዲቑ ከም ዝነበረ ድሕሪ ምግላጹ ኢዩ: ናይ ባዕሉ መግለጺ ብምሃብ: ነቲ ናይ ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ) መግለጺ ንምፍሻል: ናብ ናይ ውድድር ቅልስ ዝኣተወ:: ሊንክ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=j-N5uzJeA7A

ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ዝተፈላለየ መልክዕን ትርጉምን ዝተገልጸ መግለጺታት: ክብሮም ዳፍላ ኣብ ዕለት 20-04-2017 ዝሃቦ መግለጺ: "ኣብ ተኣፋፊ እዋን ስለ ዘለና: በቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ህጹጽ ጉዳይ ክንዛተ: ንዕለት:- 27-04-2017 ሓሙስ መዓልቲ: ድሕሪ ሰዓት ሓሙሽተ ምሸት ክንራኸብ" ኢሉ ዕድመ 'ኳ እንተካየደ: ቅድሚ እቲ ዕለት ሓበሬታ ዝበጽሖ ፖሊስ ሆላንድ: ንክብሮም ዳፍላ ጸዊዑ ነቲ ዝመደቦ ኣኼባ ደው ከብሎን: ዝኾነ ፖሊስ ዘይፈልጦ ኣኼባ ከየካይድን: ብዝኾነ ዝፍጸም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከኣ ተሓታቲ ምዃኑን ገለጸሉ:: ብተወሳኺ እቲ ኣኼባ ዝመረጸሉ ዕለት: ኣብ ሆላንድ መዓልቲ ንግስነት ተባሂሉ ዝበዓል ሃገራዊ በዓል ብምዃኑ: ነዚ በዓል እዚ ሸልል ብምባል: ሰላም ዝዘርግን ዘንዓዕብን ኣኼባ ንምክያድ ዕድመ ብምክያዱ: ኣብ ተወሳኺ ናይ ሕጊ ተሓታትነትን ትዕዝብትን ኢዩ ኸቲትዎ:: ቡኡኡ መጠን ኸኣ ነቶም ኩሎም ብገርሆም ኣብ;ቲ ናይ ዓመጽ ሰልፊ ዝተሳተፉ ናዕበኛታት 'ውን ከይተረፈ: ናብ ከቢድ ትዕዝብቲ ዘእተወ ናይ ሕጊ ቀዳድ ኢዩ ነይሩ:: ኣብ እዋኑ ኸኣ: ብፖሊስ ከይካየድ ተኸልኪሉ:: ናይ'ቲ ክብሮም ዳፍላ ኣብ እዋኑ ናይ ዝሃቦ መጸዋዕታ ሊንክ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=rlkgyuAk9ik




መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ ከምዝበሃል ከኣ: እታ ብጫ ወረቐት ዝተሰከመቶ ሰበብ: ቀስ እንዳበለት ሕጋዊ ተግባራ ካብ ምፍጻም ኣየድሓርሐረትን: ከም ሳዕቤኑ ኸኣ: ብጎድ ማዘር ፕሮፌሰር ሚርያም ፋን ራይዘን ዝተዋህበ መምርሒ መሰረት: ብክብሮም ዳፍላን: ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይ) ተወዲቡ ናይ ዝተኻየደ ዘይሕጋዊ ዓመጻዊ ናይ ናዕቢ ሰልፊ: ከም ሳዕቤኑ ናይ ሕጊ ተሓታትነት ኣስዒቡ: እነሆ ኸኣ ንነፍስ-ወከፍ ተሳታፊ ናዕቢ: ናይ £7.800.00 (ሸውዓተ ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ኤውሮ): ብመሰረት ሕጊ ነዘርላንድ ናይ ዝተወሰነሎም መቕጻዕቲ: ንድሕነት ናይቶም ዝተሓባበሩኒ ዘለዉ ሰባት ንምዕቃብ: ዝርዝር ኣስማቶም ዝገልጽ ኣጻሊመ: ናብ ህዝቢ ይዝርግሖ ኣለኹ:: ቅዳሕ ሰነድ ዝተዋህቦም

መቕጻዕቲ ከኣ: ኣብ ጎኒ ናይ'ዚ ጽሑፍ ተመልከት>>>

ብመሰረት እቲ ኣብ ብሕቲ ዝኸፈትዎ facebook ዝፈጠርዎ: 10 ብሓደ ዝብል ኣወዳድባ: ነቲ ዝመጸም መቕጻዕቲ ብስቱር: ብመሰረት ኣወዳድባኦም: ህግደፋውያን ፍናን ከይረኽቡን: ደምበ ተቓዉሞ ኸኣ ሞራሉ ምእንቲ ከይትንከፍ: ነቲ ዝቐረበልና ዕዳ ካብ ዓለም ምሉእ ገንዘብ ይዋጻኣልና ስለ ዘሎ: በዚ ዝዋጻእ ዘሎ ገንዘብ ጌርና ክንከፍሎ 'ኳ ንኽእል እንተኾና: ዝያዳ ኩሉ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዝሓተና ሕቶ ግን: ሚስጢር ምዕቃብ ስለ ዝኾነ: ሚስጥራውያን ክንከውን ኣለና ብማለት: ድሮ ኣብ ኢዶም ዝበጽሐ ገንዘብ :ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ ኣስታት $15.000 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር): ኣብ ካዝናኦም ከም ዘሎን: ተወሳኺ ገንዘብ ከኣ ይለኣኸሎም ከም ዘሎ: ክሳብ ሕጂ ኸኣ ብመንገዲ ጠበቓ ክከራኸሩ ብማለት: ኣስታት ካብ 4 ክሳብ 5 ሽሕ ኤውሮ ከፊሎም ከም ዘለዉ ብሚስጢር ብምሕባር ኢዩ: ንዕለት:- 07-05-2017 ኣኼባ ኣብ ኣምስተርዳም ዛንዳም ዝተባህለ ቦታ: ኣኼባ ከካይዱ ምኽኣኖም ንፖሊስ ብምሕባር: ናብ ህዝቢ መልእኽቲ ዘመሓላለፉ:: ከም ውጺኢት ናይ'ቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ኸኣ: ዝተፈጥረ ዘይምስምማዕን ዕግርግርን ሊንክ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=AZylJimdOlc

## <u>ሕጋዊ ተሓታትነትን ምምንዛዕ መንበሪ ወረቐት ስደተኛነትን:-</u>

ሃንደስቲ ናዕቢ ክብሮም ዳፍላን: ያቆብ ኪሮስ (ወዲ ሕድርትና በረኸት ተስፋይን): ኣብ ነዘርላንድ ዑቕባ ክሓቱ እንከለዉ: ካብ ተኣማኒነት ዝራሓቐ: ናይ ሓሶት ዛንታን: ናይ ሓሶት ስምን ዝሃቡ ኢዮም:: ስለ ዝኾነ: ብመሰረት ሕጊ ዑቕባ ስደተኛነት ሃገረ ነዘርላንድ: ሕጊ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: በዚ ዝስዕብ ሕጊ ምስራዝ ስደተኛነት:- (CANCELLATION OF REFUGEE STATUS) ተሓተቲ ብምኳኖም 'ውን: ጉዳዮም ድሮ ናብ ክፍሊ ኢመግረሽንን ዜግነትን ነዘርላንድ ይቐርብ ኣሎ::

እቲ ምኽንያት:- ያቆብ ኪሮስ ክሳብ ሕጂ ተረኺቡ ብዘሎ ሕጋዊ ሰነዳት: መጸውዒ ስሙ'ን: ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ዝተማህረለን ትካላት ዝሓዞ ስምን: ናይ በር-ሰርትፊኬት መዝገብ ክብሪ ስሙ'ን ከም ዝሕብርን ዘነጽርን: ብያቆብ ኪሮስ ኢዩ ዝፍለጥን ዝጽዋዕን:: ዋላ እቲ ኣብ እዋን ረፈረንዶም ዝሓዞ ሕጋዊ ስሙ 'ውን: ያቆብ ኪሮስ ኢዩ ዝብል:: ናይ'ቲ ንጤሳ ኢሉ ኣብ ዓዱ ዘመልከተሉ ስም 'ውን: ያቆብ ኪሮስ ኢዩ ዝብል:: ኣብ ነዘርላንድ መጺኡ ዑቕባ ክሓትት እንከሎ ግን: ብዘይቅኑዕ ናይ ሓሶት ስም በረኸት ተስፋይ ዝብል ብምሃቡን ናይ ሓሶት ታሪኽ ምትራኹን: ብሕጊ ዘሕትቶ ኢዩ:: ብዘይካ እዚ ክብሮም ዳፍላ 'ውን: ነቲ ዘይነበሮ ማዕርግ ምክትል ሚኒስተርነት ኣብ ታሪኹ ብምክታት: ናይ ሓሶት ዝተዛብዐ ስም ብምሃቡ: ጋዜጣታት ነዘርላንድ: ከም ምክትል ሚኒስተር ሚኒስትሪ ፋይናንስ ገይረን ኢየን ጠቒሰንኦ ዘለዋ:: ስለ ዝኾነ ክልቲኦም ናይ ናዕቢ መራሕቲ: ብሕጊ ናይ ዝሕተትሉ: ኣብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተጸዋዒ ስደተኛታትን: ናይ ሃገረ ነዘርላንድ ክፍሊ ኢመግረሽንን ዜግነትን ዝጥቀምሉ ሕጊ: ነዚ ዝስዕብ ኢዩ ዝጠቅስ:-

## <u>Cancellation of Refugee Status</u>

Grounds for Cancellation of Refugee Status .

Cancellation of refugee status because of fraud on the part of the applicant .

3. Cancellation of refugee status means a decision to invalidate a refugee status determination which should not have been granted in the first place. It applies to determinations that have become final, that is, they are no longer subject to appeal or review. In principle, cancellation has the effect of rendering refugee status null and void from the date of the initial determination (ab initio or ex tunc)

4. In national refugee legislation, jurisprudence, UNHCR policy documents and otherwritings, this is variously referred to as"cancellation", "revocation", "withdrawal","termination", "annulment", "deprivation" or "vacation"8, while the term "cancellation" itself is sometimes used for decisions to end refugee protection with effect for the future (ex nunc).

# ትርጉም

## <u>ምስራዝ መሰል ስደተኛነት</u>:-

ምኽንያት ንምስራዝ ክውንነት ስደተኛ:-

ምስራዝ ናይ ስደተኛ ክውንነት: ብምኽንያት ምድንጋር ሓታቲ ዑቕባ:-

3. ምስራዝ ናይ ስደተኛ ክውንነት ማለት: ነቲ ውሳኔ ከም ስደተኛ ተቐባልነት ዝነበሮ ውዱቕ ምግባር: እዚ ማለት ከኣ: ካብ መፈለምታኡ 'ውን ክወሃብን: ቅቡል ክኸውንን ኣይነበሮን ማለት ኢዩ:: እዚ ውሳኔ እዚ ኸኣ: ናይ መጨረሻን ይግባይ ክትብለሉ ዘይከኣል ኢዩ:: ከም መትከል ምስራዝ ማለት: ነቲ ናይ ስደተኛ ክውንነት: ካብ ዝተዋህበሉ እዋን ጀሚሩ ከም ዘይነበረ ምግባር ማለት ኢዩ::

4. በቲ ንስደተኛ ዝምልከት ሕጊ: ሃገራት ዝኽተለኦ ኣገባብ ስያመን: ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት:- ምስራዝ: ምቕንጣጥ: ምስሓብ: ምብቃዕ: ምኽታም: ምድምሳስ: ምሕዳግ: እቲ ምስራዝ ዝብል ቓል ንባዕሉ: ኣብ ልዕሊ ሓደ ስደተኛ ክህልዎ ዝኽእል መጻኢ ዕድል: ምሉእ ብምሉእ ናይ ምክልኻል መሰሉ ምዕጻው ማለት ኢዩ::

በዚ መሰረት: ተጠቀስቲ ክብሮም ዳፍላን: ያቆብ ኪሮስን: ካብ ክስዕቦም ዝኽእል ሕጋዊ ተሓታትነት ከምልጥሉ ዝኽእሉ ኩነታትን ባይታን የለን::

ርክብ ሓዳስ ኣምባሳዶር ሆላንድ ዶክተር ካሪን ቦቨን ምስ ፕረዚደንት ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ



ኣብ መደምደምታ: እቲ ነዞም ዝኾነ ኣፍልጦ ዘይብሎም መንእሰያት ኣብ ሓደጋ ብምእታው: ዝርከብ ፖለቲካዊ መኸሰብ ከምዘየለ ዘነጽር ህልዊ ኩነታት ከኣ: ናዕበኛታት ሰብ ዛርቲ: ኣብ ሆላንድ እንዳ ነብሑ: ክሳብ ኤምባሲ ኤርትራ ክዕጾ ኢዩ ኢሎም እንዳፈከሩ እንከለዉ: መንግስቲ ነዘርላንድ: ናይ ሆላንድ ሓዳስ ኣምባሳዶር ዶክተር ካሪን ቦቨን: ናብ ኤርትራ ምምዛዙን: ምስ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ተራኺባ: ነቲ ኣብ ሆላንድ ዘጋጠመ ኩነታት ከተመሓይሾን ክትእርሞን ምኳና ምግላጻ በቲ ሓደ ሸነኽ: በቲ ካልእ መዳዩ ኸኣ: ኣብ ሽወደን ብናዕበኛታት ዝተኻየደ ሰልፊ: ብናይ በርበረ ዘንብዕ ጋዝ: ከም ንሃመማ ብፍሊት ምዝዛሙ: ንመደረ ወያናይ ገብሩ ኣስራት ዘዘካኽር 'ኳ እንተነበረ: ናይ ጀርመን ምስሉይ ናዕቢ 'ውን ብሓይልታት ጸጥታ ፖሊስ ጀርመን ምኽርታፉን: ነፍስ-ወከፍ ኣነዓዓቢ ሰልፊ ከተማ ቢልደሆቨን: ናይ $7800.00 (ሸውዓተ ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ኤውሮ) መቕጻዕቲ ምቕባሎምን: ብሕጂ ከካይድዎ ንዝሓስቡ ናዕቢ እንታይ ክጽበዮም ከምዝኽእል: ዓቢ ትምህርቲ ክኾኖም ምተገብአ!!! እዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ ፈኸራን ዳንኬራን: ንበዓል ነጻነት ኤርትራ ንምዝራግ ከኣ: ቅድሚ ሕጂ ዶ ሓይሽ ዉይ! ዉይ! ሕጂ ዶ ሓይሽ! ዝብል ደርፊ ወዲ ሻውል ኣብ እዝኖም ምግዋሑ: ንሕግታት ናይተን ዝነብሩለን ሃገራት እንተዝውከሱ ምሓሾም::

ሰናይ ቅንያት
ዘርኣይ ሰሎሞን
UK ዓባይ ብሪጣንያ
ሎንዶን